# WA Cares ጥቕምታት ኣካውንት ደገፍ ምርካብ

ፈተውትኻ ወይ ተወከልትኻ መመልከቲ ወይ ጥቕምታት ንከመሓድሩ ከም ፈቓድ ዘለዎም ተጠቀምቲ ክትምዝግቦም ትኽእል ኢኻ። WA Cares ንዝሕግዝዎ ተጠቃሚ ክንክን ወይ ኣገልግሎት ንኽህብ ፍቓድ ዘለዎ ተጠቃሚ ክኸፍል ኣይክእልን እዩ።

## ዓይነት ተበፃሕነት

ዝኾነ ሰብ ሒሳብካ ንከመሓድር ዕድል እትህብሉ ክልተ ዓይነት መንገድታት ኣለዋ። ፍቓድ ዘለዎም ተጠቀምትን ሕጋውያን ወከልትን መመልከቲኻ ንኽተቕርብ፣ ሰነዳት ክትምርምርን ጥቕምታትካ ከተመሓድርን ክሕግዙኻ ይኽእሉ።

ስሩዕ ፍቓድ ዘለዎ ተጠቃሚ ነዞም ነገራት እዚኦም ክሕግዘካ ዝኽእል፡ እንታይ ክገብሩ ከም እትደልዮም ዝተገልጸ ኣንፈት ምስ እትህቦም ጥራይ እዩ። ዝኾነ ሰብ ሕጋዊ ተጠቃሚ ንክኸውን ፈቓድ ክትህቡ ትኽእሉ ኢኹም። ካብ ሕጂ ንድሓር ደገፎም ኣየድልየንን ኢልካ እንተድኣ ሓሲብካ ኣብ ዝኾነ ሰዓት ካብቲ ኣካውንት ክተወገዶም ትኽእል ኢኻ።

ሕጋዊ ተወካሊ ማለት ንዓኹም ወኪሉ ውሳነ ክውስን ዝኽእል ፈቓድ ዘለዎ ተጠቃሚ ማለት እዩ። ንስኻ እንታይ ከም ትደሊ ዘይነገርካዮም ውሳነ ንምውሳን ንክክእሎም ከም ናይ ሞግዝነት ወይ ሕጋዊ ተወካሊ ዝኣመሰሉ ሕጋዊ ሰነዳት ክህልዎም ይግባእ። ብተወሳኺ ድማ ንዓኻ ወኪሎም ሰነድ ክፍርሙ ይኽእሉ እዮም።

## ካብ ኣካውንትኻ ዝኾነ ሰብ ምውሳኽ

ሕጋዊ ተወከልትን ፈቓድ ዝተውሀቦም ተጠቀምቲ ናይ በሕቶም WA Cares ጥቕሚ ኣካውንት ክኸፍቱ ኣለዎም። ናይ ጥቕሚ ኣካውንት እንተድኣ ተዳልዩ ነዞም ሰባት ንምክታት ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። ናሀቶም ሽም፣ ዕለት ልደትን WA Cares መለለይ መንነት የድልየኩም እዩ።

- ጥቕምታት ኣካውንት ኣብ ዝተዳልይሉ ገፅ ኣብቲ ዝርዝር ፀጋም ገፅ ዝርከብ ‹‹ፈቓድ ዘለዎ ተጠቃሚ›› (“authorized user”) ዝብል ምረፅ። ብምቕፃል ኣብቲ ሊንክ ‹‹ዝኾነ ሰብ ሒሳብኩም ንክፅንበር ምዕዳም›› (“Invite someone to access your account”)ዝብል ምረፅ።
- ‹‹ቀፃሊ›› (“Next”) ዝብል ምስ ጠወቕኹም ብዛዕባ እቲ ፈቓዘድ ዘለዎ ተወካሊኹም ዝርዝር ምሃብ ትጅምሩ። እቲ ፈቓድ ዝሃብምዎ ሰብ ዝኾነ ዓይነት ሕጋዊ ሰነድ እንተድኣ ኣለዎ ክትሕተት ኢኻ።
  - ከም ሕጋዊ ተወካሊ ጌረካ ንምምራፅ ‹‹እወ፣ ሓደኤና ሕጋዊ ሰነድ ኣለና›› (“Yes, one of us has legal documentation”) ዝብል ምረፅ፡ ፡ ሰነድኩም ብምእታው ናይቲ ሰነድ ዓይነት ምረፅ ንኣብነት ሞግዚ ወይ ሕጋዊ ውክልና ጠበቓ ዝብል ምረፁ።
  - ከም ስሩዕ ፈቓደ ዘለዎም ተጠቀምቲ ጌርካ ንምድላው ‹‹ኣይኮነን፣ ክልትኤና ሕጋዊ ሰነድ የብልናን›› (“No, neither of us has legal documentation”) ዝብል ምረፅ። ብምቕፃል ድማ ካብቲ ኤሌትሮኒክ መፈረሚ ናብ ዶክመንት መፈረሚ ቅጥዒ ብምስግጋር እቲ ዝተሓተትካዮ ክተመላእ ኢኻ። ናብ ጥቕምታት ኣካውንት ዳሽቦርድ ዝምልሰካ እንትኸውን ኣብዚ ድማ እቲ ሕቶኻ ከም ዝተልኣኸ መረጋገፂ ክበፅሓካ እዩ።
- ሕጋዊ ተወካሊኻ ወይ ድማ ፈቓድ ዘለዎ ተጠቃሚ ኣብ ናይ ጥቕሚ ኣካውንት ንክፅንበሩ ዕድመ ዝበፅሖም እንትኸውን እዚ ድማ ክቕበልዎ ወይ ክነፅግዎ ይኽእሉ እዮም። እቲ መዓልቲ ከይሓለፎም ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ምላሽ ክህቡ ኣለዎም።
- ሓንሳብ ምስ ተቐበልዎ ኣብ ቅንብር ሒሳብካ ከስተኻኽሉ ወይ ድማ ካብቲ ዳሽርድ ላዕለዋይ የማናይ ክፋል ዝርከብ ዝርዝር ክመርፁ ይኽእሉ እዮም።

## ዝኾነ ሰብ ሒሳብ ከዳልወልኩም ግበሩ።

ጥቕምታት ኣካውንት እንተዘይሃልይካ ድማ ሕጋዊ ወኪልኻ እዚ ከዳልወልካ ይኽእል እዩ። ናይ ዓርሶም ኣካውንት ምስ ከፈቱ ሕጋዊ ሰነዳት ዘእትውሉ ቅጥዒን ከም ናሀትኩም ሕጋዊ ሽም፣ ዕለት ልደትን ኣድራሻን ዝኣመሰሉ ሰነዳት ዝመልኡ ይኾኑ።

- ናይ ዓርሶም WA Cares ጥቕምታት ሒሳብ ብምፍጣር ይጅምሩ።
- ናይ ዓርሶም ኣካውንት ምስ ከፈቱ ሕጋዊ ሰነዳት ዘእትውሉ ቅጥዒን ከም ናሀትኩም ሕጋዊ ሽም፣ ዕለት ልደትን ኣድራሻን ዝኣመሰሉ ሰነዳት ዝመልኡ ይኾኑ።
- ኣባላት ጉጅለ WA Cares ንተጠቃሚ ማንዋሊ ኣካውንት ብምኽፋት ነቲ ፈቃድ ዘለዎ ተጠቃሚ ምስቲ ሒሳብ ከራኽብዎ እዮም።
- ኣብ ቅንብር ሒሳብካ ከስተኻኽሉ ወይ ድማ ካብቲ ዳሽርድ ላዕለዋይ የማናይ ክፋል ዝርከብ ዝርዝር ክመርፁ ይኽእሉ እዮም።
- ንጥቕምታት ተመልክት እንተድኣ ኮይንካ ከም ተጠቃሚ ኣመልክት ዝብል ብምምራፅ ከይዲ መመልከትኻ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ።

ኣካውንት ኣብ ምድላው ደገፍ ትደልዩ እንተድኣ ኮይንኩምን እንተኾነ ግና ክሕግዘካ ዝኽእል ሕጋዊ ሰነድ ዘለዎ ሰብ እንተዘይሀልይካ ክትረኽበና ትኽእል ኢኻ።

## ካብ ሒሳብካ ተጠቃሚ ክተውፅእ ትኽእል ኢኻ

- ኣብ ናይ ጥቕሚ ኣካውንት ቅንብርካ ‹‹ሒሳብካ መን ክረኽቦ ይኽእል›› (“Who can access your account”) ዝብልክ ክፍሊ ብምእታው ንምረኣይ ፈቓድ ዘለዎ ሰብ ክተወግድ ትኽእል ኢኻ። ፈቃድ ዘለዎም ተጠቀምቲ ካብ ናይ ዓርሶም ሒሳብ ዓርሶም ከወግዱ ይኽእሉ እዮም።
- ሕጋዊ ተወካሊኹም ካብ ጥቕምታት ኣካውንትኹም ክተወግድዎ እንተድኣ ደሊኹም ስሩዕ ዝኾነ ሕቶ ክተቕርቡ ኣለኩም። ከይዲ ሕቶኹም ንምጅማር ደገፍ ንምርካብ ካብ WA Cares ጉጅለ ኣባላት ርኸቡ።

## ርኸበና

**ቴሌፎን**
844-CARE4WA (844-227-3492)

**ኢሜይል ወይ ዘተ**
wacaresfund.wa.gov/contact

ናይ ቋንቋ ሓገዝ ኣለና። ብተወሳኺ ድማ ናብ WA Cares ጥቕምታት ሒሳብካ ብምእታው ውሑስ ብዝኾነ መንገዲ መልእኽቲ ክትልእኸልና ትኽእል ኢኻ።